# መግዛእቲ ፋሺስት ኢሰያስ: እኩብ ድምር ባዕዳውያን ገዛእቲ'ዩ።

ኢሰያስ ካብ እዋን ሰውራ ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ: ንህዝቢ ኤርትራ ሰጥ-ለበጥ ኣቢሉ ንምግዛእ: ዝጥቀመሎም ዝጸንሐን ዘሎን ረቀቕቲ መደብ-ዕዮታት ብዙሓት'ዮም። እዞም ረቀቕቲ መደብ-ዕዮታት'ዚኦም ግና: ፋሺስት ኢሰያስ ባዕሉ ዝመሃዞም ከምዘይኮኑ ክንርዳእ ይግባእ። ብስዉራት ክኢላታት ስለላ-መርበብ ባዕዳውያን ሓይልታት ተዳልዮም ዝተዋህቡዎ'ዮም። እቲ ኣውራ ትሕዝቶ'ዞም ከኣ ኣብ ስነ-ኣእምራዊ ውግእ ዝትመርኮሰ'ዩ። ኣብ'ዚ ዘሎናዮ መዋእል ስነ-ኣእምራዊ ውግእ ድምጺ ዘይብሉ መርዛምን ረቂቕን መሳርያ ኢልካ ክትርጉም ይከእል። እቲ ቀንዲ ውዲት ድማ: ንህዝቢ ኤርትራ ሕልናኡን ስምዒቱን መዝሚዝካ: ራእዩኡን ኒሑን ሓቦኡን ጸንቂቕካ: መታን ኣብ መወዳእታ ንኽስዓር'ሞ: እቲ ዝተረፈ ህዝቢ ከኣ ሃገሩን መንነቱን ፈንፊኑ: "ኢትዮጵያ ትሕሸኒ" ኢሉ ንኽንብርከኽ'ዩ።

ካብ'ቶም ብዙሓት ረቀቕት ሜላታት: ነዞም ዝስዕቡ ውሑዳት ጥራይ ክንጠቅስ ኢና። ኣማጻጽኣኦም ከኣ ካብ ኮሎንያል መግዛእቲ ጀሚሮም: ብደፋእታዊ መስርሕ ንሓደ ሽቶ ንምውቃዕ: እናተዛመዱ ዝመጹ'ዮም። ሎሚ ከኣ  ኣብቲ ዝልዓለ ደረጃኣኦም በጺሖም ኣለው።

ካብ መግዛእቲ ፋሺስት ኢሰያስን: ዝሓለፉ ቀዳሞት ገዛእቲ ኤርትራ:- ኮሎንያል ጣልያንን ዓባይ ብሪጣንያን ኢትዮጵያን: ኣየናዮም ይሓስም ከምዝነበረ ብመጠኑ ብኸም'ዚ ዝስዕብ ክነቕርብ ኢና።

1) ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኮሎንያል ጣልያን: መሰል ጸጊብካ ምሕዳር ነይሩ: መሰል ሓሳብካ ምግላጽ ግና ንህዝቢ ኤርትራ ትሓሪምዎ'ዩ ነይሩ።
2) ኣብ ግዜ መግዛእቲ ዓባይ ብሪጣንያ ከኣ: መሰል ሓሳብካ ምግላጽ ነይሩ: መሰል ጸጊብካ ምሕዳር ግና ኣይነበረን።
3) ኣብ ግዜ መግዛእቲ ንጉስ ሃይለስላሴን: መግዛእቲ ፋሺስት መንግስቱ ሃይለማርያምን ድማ: መሰል ጸጊብካ ምሕዳር ብመጠኑ ነይሩ: መሰል ሓሳብካ ምግላጽ ግና ኣይነበረን።
4) ኣብ ግዜ መግዛእቲ ፋሺስት ኢሰያስን ግና: መሰል ጸጊብካ ምሕዳርን: መሰል ሓሳብካ ምግላጽን: መሰል ምምባር'ውን የለን። ብእንጻሩ ግና እቲ መሰል ጸጊብካ ምሕዳርን: መሰል ሓሳብካ ምግላጽን: መሰል ምምባርን ወኒኑ ዘሎ ሕዝቢ ኤርትራ ዘይኮነስ: ብፍላይ ፋሺስት ኢሰያስ: ብሓፈሻ ድማ ጭፍራ ህግደፍ ጥራይ እዮም። ስለዚ እቲ ዝሓሰመ ኣኩብ-ድምር ባዕዳውያን ገዛእቲ: ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብመሪሕነት ኢሰያስ ክፍጸም ንርእዮ ኣሎና። ኣዚ ሎሚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጸም ህሎ ዓይነት መግዛእቲ ከኣ: ብሰንኪ ባርባራዊ መግዛእቲ ዝተፈጥረ'ዩ ክብሃል ይከኣል።

እስከ እተን ሹለን ዝሓለፉ ኮሎንይል ገዛእቲ: ንህዝቢ ኤርትራ ንምስዓር ዝጥቀማሉ ዝነበራ ሜላታት ሓደ ብሓደ ኣናኣወዳደርና ንከታተል።

✷ መግዛእቲ ኮሎንያል ጣልያን: ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ በረኻታት ባርካ ኣስፈሩ: ኣብ ኩሉ ካልእ መሬት ኤርትራ ግና ንደቂ ጣልያን ከጣይሰሉ መዲቡ ነይሩ'ዩ። መዓልትን ከልብን ከይጸዋዕካዮም ይመጹ ከምዝብሃል ግና: ብልፍንቲ "ሓያላት መንግስታት ዓለም": ማለት ብመሪሕነት ዓባይ ብሪጣንያ: መግዛእቲ ኮሎንያል ጣልያን ካብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብ1941 ዓ.ም.ፈ. ብሓይሊ ተሳዒሩ። ምስተሳዕረ ከኣ ነቲ መደቡ ከይተዓወተሉ ካብ ኤርትራ ብሕፍረት ወጺኡ።

ሎሚ ድማ ፋሽስት ኢሰያስ: ነቲ ብመግዛእቲ ኮሎንያል ጣልያን: ተወጢኑን ተሓንጺጹን ዝነበረ <u>ፕሮጀክት ምጥያስ</u> የተግብሮ ኣሎ። ብሓፈሻ ኣብ'ቲ ደጋን ወይኑ-ደጋን ቈላን ንመዋእል ክነብር ዝጸንሐ ዕድሜኡ ክሳብ 54 ዓመታት ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራን: ብፍላይ ድማ ንመንእሰይ ወለዶ ኤርትራ: ብግዲ ከካብ ዓዱን ከተምኡን: ገገፉ ንዘይተወሰነ እዋን: ኣብቲ ኣብ ዶብ ሱዳን ዝርከብ "ሳዋ" ዝተባህለ: ምድሪ ማላርያን ዓሶን ይጓርቶም ኣሎ። ካብ ኣውራጃ ኣከለጉዛይን ሓማሴንን ሰራየን ድማ: ነቶም ደቂ ዓዲ ካብ ንቡር መነባብሮኦም መንቀሊ: ንመሬት ባርካ የጣይሶም ኣሎ። ብኻልእ ኣገላልጻ ኮሎንያል ጣልያን ዘይተዓወተሉ መደብ ምጥያስ ሎሚ "ወዲ ሃገር መንግስቲ" የትግብሮ ከምዘሎ ክንርዳእ ንኽእል። ስለዚ ብስኑ-መጐት ክንርድኦ ከሎና: ኢሰያስ መደብ ኮሎንያል ጣልያን ዘተግበር ዘሎ: <u>ጸሊም ጣልያን ገዛኢ</u> ክብሃል ይከኣል።

✷ ሰበ-ስልጣን ኮሎንያል ጣልያን: ንዓሌት ህዝቢ ኤርትራ ንምድቓል: ኢጣልያውያን ዜጋታት ምስ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ክዋሰቡ ብስዉር ሓንጺጾ ነይሩ'ዩ። ክሳብ መግዛእቲ ሃይለስላሴ ድማ ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ሓናፍጽ: ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ነይሮም'ዮም። ካብኣቶም ከኣ 60000 ዝኾኑ መንግስቲ ሃይለስላሴ: ኣብ 60ታ ንሃገር ጣልያን ጠሪዙዎም'ዩ። ኣብ ግዜ ደርጊ ድማ: ንዓሌት ህዝቢ ኤርትራ ንምድቓል: ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ወተሃደራት ኢትዮጵያውያን: (ኣምሓሩን ኦሮሞን ትግራዎትን ወዘተ.....) ምስ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ብግድን ብውድን ንኽዋሰቡ ብመደብ መዲቡዎ ነይሩ'ዩ። ድሕሪ ስዕረት ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ድማ: ብኣሽሓት ዝቝጸራ ኣንስቲ ወተሃደራት ኤርትራውያን: ህጻውንተን ሒዘን ንኢትዮጵያ ከምዝተሰዳ ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ ትማሊ ዝነበረ ታሪኽ'ዩ።

✷ ሎሚ ድማ እሰያስ ኣብ ኤርትራ: ኣዛ "ሳዋ" እትብሃል ላቦራቶሪ-ጥፍኣት: ካብ ዝምህዝ ጀሚሩ: ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራውያን ሕጋዊ ቃልኪዳን ሓሪሙወን: ካብ ዝኾነ መጀር ጀነራል ይኹን ብሪጋደር ጀነራል ወይ ኮለኔል ወይ ከኣ ሺ-ኣለቃ: ብንጣዝ ወይ ምሉቝባሽ ክሳብ ዋርድያት: ደድቒለን ኣቡኡ ዘይፍለጥ ድቓላ ቈልዓ ሒዘን ንስድራኤን ተወሳኺ ሸኽም ይኾና ኣሎዋ። እተን ዝበዝሓ ከኣ ኣብ ዘይ ፈልጥኦ ባዕዳዊ ሃገር ሃጽ ኢለን ይጠፍኣ ኣለዋ። ኣብዚ'ውን ኢሰያስ እኩብ ድምር መደብ-ዕዮ ኮሎንያል ጣልያንን: ንጉስ ሃይለ-ስላሴን ፋሽስታዊ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን: የተግብር ከምዘሎ መግለጺ ዘድልዮ ኣይኮነን።

✷ ኢሰያስ ነቲ ሰበ-ስልጣን ዓባይ ብሪጣንያ: ኣብ ኤርትራ ኣተኣታቲዮሞ ዝኸዱ ፈላሊኻ-ግዛእ ኣብ መንጎ ኣስላምን ክርስትያንን: ካብቲ "ንሕናን ዓላማናን" ምኒፈስቶ ዝዘርጋሓሉ እዋን ጀሚሩ ኣሓዲሱዎ'ዩ። ሜላታት ጐይቶት ኢሰያስ ተቓያያራይ ስለዝኾነ ድማ: ኣብ ውሽጢ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣዝዮም ከስግእዎ ዝኽእሉ ምሁራት ክርስትያን ምኺኖም ስለዘለልየ: "ሓማ ስዒራ ኣከለ ተሳዒራ" እናበላ ኣብ መንጎቶም ብፍላይ ኣሕዋት ዝኾኑ: ኣውራጅ ሓማሴንን ኣከለጉዛይን (ደቂ ንጉስ መሮኒ ደቂ) ሓዊ ወሊዑ": ንብዙሓት ጀጋኑን ምሁራትን "ኣዕነውቲ ምንቅስቓስን የማናውያንን" እናበለ ክርቢት ወሊዑ። ነቲ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝቃለስ ዝነበረ ሰራዊት ድማ: ኣስላማዊ ክንፊ'ዩ ኣናበለ ይውንጅሎን የካፍኦን ነይሩ። ድሕሪ ስዕረት ጀብሃ: ሻዕብያ ንሜዳ ኤርትራ ምስ ብሓቶ ድማ: ክሳብ ነጻነት ኤርትራ ግና: እቲ ንኢሰያስ ጐይቶቱ ወጢኖም ዘቐረብሉ: ፍልልይ ኣስላምን ክርስትያንን ከም'ቲ ዝተጸበዮ ኣይሰለጠሉን። ግንከኣ እቲ "ንደቂ ከበሳ ፈላሊኻ ፋሕ ብትን ምእታው" ዝብል: ኣዝዩ ዝገደደን እከይን ሜላ ተጠቒሙ: ብመደብ ንደቂ ከበሳ መታን ሓቢሮም ከይምክትዎ ፈላልዩዎም ኣሎ። ስለዚ ኣብዚ'ውን ብስኑ-መጐትን ብኣድህቦን እንተ ድኣ ተኻታቲልናዮ: ሎሚ ኣብ ኤርትራ ኢሰያስ መደብ ኮሎንያል ዓባይ ብሪጣንያን: እስራኤላውያንን ብግቡእ የተግብሮ ከምዘሎ ንምፍላጥ ቀሊል'ዩ።

✷ ድሕሪ ኮሎንያል ጣልያን ካብ ኤርትራ ተቐሲቡ ምስወጸ: ስለላ መርበብ ኣሜሪካ ነቲ ሰበ-ስልጣናት ኮሎንያል ጣልያን: ኣኪቦሞ ዝነበሩ ብዛዕባ መንነትን ስነ-ኣእምራዊ ጠባያትን ህዝቢ ኤርትራ ዝገልጽ ብመጽናዕቲ ዝተዳለወ ሰነዳት: ኩሉ ኣኪቡ ተረኪቡዎ'ዩ። ነቲ ብክኢላታት ኮሎንያል ጣልያን ዝተዳለወ ሰነዳት-መጽናዕቲ: ኣማሓይሹ ብረቂቕ ስነ-ኣእምራዊ ሜላን ስለላን: ብፍላይ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ድማ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ኣፍሪቃን ንምቍጽጻር መድብ ሓንጺጹ። ነዚ ፕሮጀክት'ዚ ዘተግብሩ ሓይልታት ኣብ ኣፍሪቃ ድማ ዓሲቡ። ብፍላይ ንኢሰያስ: ብሓፈሻ ድማ መራሕቲ ወያነን ከኣ ወዲቡ። ንሳቶም ከኣ ብስለላ መርበብ ኣሜሪካ ተዓሲቦም ክሳብ ሎሚ ብግህዶን ብስዉርን ንህዝቢ ኤርትራ ላሕ የብሉዎ ኣለው። ኢሰያስ ንህዝቢ ኤርትራ ብዓሌትን ብሃይማኖትን በውራጃን ጥራይ ከይ ኣኽሎ: ሓው ምስ ሓው: ሓብቲ ምስ ሓብታ: ሰብኣይ ምስ ሰበይቱ ኣጻሊኡን ፈላልዩን ይገዛኦም ኣሎ።

✷ ነተን ሰረት መንነት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾና ኣውራጃታት ኤርትራ ንምድምሳስ ድማ: ሓዲሽ ኣስማተን ብመኣዝናትን ቍጽርታትን ኣጠሚቑ ዝረምሮ ኣእትዩለን ኣሎ። ብወገን መንግስቲ ወያኔ ከኣ ነቲ ብሰንኪ ኢሰያስ ካብታ ዝፈትዋ ሃገሩ ኤርትራ: ሃጽ ኢሉ ካብ ዝብኢ ኣብ ቶኹላ ንኢትዮጵያ ዝሰደድ ዘሎ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ:ተጠርኒፉ ብሓደ ውድብ ወይ ባይቶ ንኢሰያስ መታን ከይምክቶ: ብሔረ-ኩናማ: ብሔረ-ሳሆ: ብሔረ-ቢለን: ብሔር-ትግረ: ብሔረ ትግሪኛ እናበሉ: ብዓሌትን ብዘርእን ንኽተኣኻክቡ ባጀት ፈልዩሎም ኣሎ። እዚ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱ ረሲዑ: ፋሕ-ብትን ንኽብል: ተባሂሉ ብስለላ-መርበብ ባኦዳውያን ዝተኣልመ ረቂቕን መርዛምን ፕሮጀክት'ዩ።

✷ ብፍላይ ኤርትራ ከም ሃገር ብቑጠባ ይኹን ስርዓተ-ሕጊ: ኮነ ኢልካ ርእሳ ከም ከምዘይትኽእል ንምምሳል: ህዝቢ ኤርትራ ሓሪሱን ነጊዱን ዕለታዊ ናብራኡ መታን ከየካይድ: ጭፍራ ህግደፍ ባዕሉ-ሓረስታይ: ባዕሉ ነጋዳይ: ባዕሉ ዋና ባንክን ገንዘብን: ባዕሉ ከኣ ወናኒ መሬትን ርስትን: ባዕሉ ድማ ፈራድን ወተሃደርን ኮይኑ: ንህዝቢ ኤርትራ የማስኖ ኣሎ። እዚ ብመጽናዕቲ ስለላ-መርበብ ባዕዳውያን ዝተሓንጸጹ ፕሮጀክት'ዚ: ንህዝቢ ኤርትራ ፋሕ-ብትን ንምእታው ዝስራሕ ዘሎ'ዩ።

ሎሚ ኢሰያስ ንህዝቢ ኤርትራ ብምሁራትን ለባማትን ኣይኮነን ዝመሓደሮ ዘሎ። ብእንጻሩ ግና ብመደብ: ብጨጓር ዳንጋን: ዓዋሉን: ሰብ ሸገጉጥ ካህናትን: መሃይምነት ዘየጥፍኣ መበላሉን ሓያማትን ኣዋፊሩ ይገዝኦ ኣሎ። “ኣናፍራ ቈጃሕ ዘይፈለጠስ ኣይሃዳናይን“ ከምዝብሃል: እዚ ሜላ'ዚ እውን ሓደ ካብቶም ብዙሓት ብመጽናዕቲ ስለላ-መርበብ ባዕዳውያን ዝተሓንጸጹ ፕሮጀክት'ዩ።

ክቡራት ተኻታተልቲ መርበብ ሓበሬታ ደቀባት: ካብ ወርሒ መስከረም ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ ብተኻታታሊ: ብ“ኣለና“ ዝብል ብርዒ-ስም ዝዳሎ: 10ይ ምዕራፍ በጺሑ ዘሎ: “ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ“ ዝብል ሓበሬታ: ብኣድህቦ ትከታተልዎ ትህልው። ርግጽ'ዩ እቶም “ኣሎና“ ዝብሉ ኣዳለውቲ ነዚ ጉዳይ ብኣካል ዝካታተልዎ ዝነበሩ ኮይኖም'ዮም ዘቕርቡዎ ዘለው። ይመስል ድማ። ዋላ'ኳ እዚ ተሓቢኡ ዝነበረ ምስጢር'ዚ: ኣብ እዋኑ ክወጽእ ኣንተነበሮ፣ ሕጂ'ውን እንተኾነ “ተደፍአ'ምበር ኣይተኻዕወን“ ከምዝብሃል: ወሽለ ብሓቂ ደፊሮም ምስጢር ኢሰያስ ዘውጽኡ ሰብ ስረ ተረኺቦም። ኣሎውና ኣባዮም: ብሉስከ “ጋንታ ኣሎና“: ድሕሪ ሰለፋ ኣንታይ ተረፋ'ዩሞ: ሰስኑ ሰስኑ ሽሕን ዋልታን ኩኑ! ኣገናዕ! ኢና ንብሎም። ከምዚ ክንብል ከሎና ግና: እዚ “ኣለና“ ዘጋልጹዎ ዘለው ሓበሬታ: ኢሰያስ ንበይኑ ባዕሉ ምሂዙ ዝፍጽሞ ከምዘይኮነ ክንርድእ ይግብኣና። ኢሰያስ ሓደ-ብሓደ ብስለላ መርበብ ሲኣይኤ ትመዲኢቡ ዝተዋህቦ ፕቶጀክት ከም ሮቦት-ራዲካል ኮይኑ: ይፍጽሞ ከምዘሎ ግና ከነስተውዕል ይግብኣና።

ብሓልዮት መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ 22.ጥቅምቲ 2010 ዓ.ም.ፈ.